# ማሕበር ኮሚዩኒቲ ትግራይ
## ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን

## Tigray Community Association
Washington, DC Metropolitan

# ዜና ዕረፍቲ



ኣይተ ፀሃየ ደባልቀው ብዝሓደሮም ሕማም ሕክምና እናተገበረሎም ድሕሪ ምፅናሕ ትማሊ ምሸት 25 መጋቢት (April 3) ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዮም፡፡

ኣይተ ፀሃየ ካብ ኣቦኦም ኣይተ ደባልቀው ተሰማን ካብ ኣዲኦም ወ/ሮ ብርነሽ ተኽሉን፤ 15 መስከረም 1943 ዓ.ም ኣብ ከተማ ኣኽሱም ተወሊዶም፡፡

ኣይተ ፀሃየ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ኣብ ዝተፋላለየ ማዕከናት ሚዲያ ንነዊሕ ዓመታት ብሙያ ጋዜጠኝነትን ብሓላፍነትን ኣገልጊሎም እዮም፡፡

ኣብ'ዙ እዋን ይነብሩሉ ኣብ ዝነበሩ ሃገረ ኣሜሪካ ድማ፤ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ኣብ ኢምባሲ ኢትዮጵያ ንዓመታት ንሃገሮም አገልጊሎም እዮም፡፡

ኣይተ ፀሃየ ብዓልሓዳርን ኣቦ ሓደ ቆልዓን ነይሮም፡፡

ኣይተ ፀሃየ ግቡኦም ዝፈፀሙ ኣባል ማሕበር ኮሚዩኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ነይሮም፡፡ ማሕበርና ብሞት ሓውና ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለፀ ንስድርኦም፣ ንፈተውቶምን ንመላእ ኣባላት ማሕበር ኮሚዩኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኡን ፅንዓት ንምነ፡፡

ኣመራርሓ ቦርድ ማሕበር ኮሚዩኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኡን